# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ፍዳ'ታ ቅርቅረ


Skriven av: Zulu folktale
Illustrerad av: Wiehan de Jager
Översatt av: Daniel Berhane Habte


Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.


Detta verk är licensierat under en Creative Commons Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0/deed.sv


# ፍዳ'ታ ቅርቅረ

Zulu folktale
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 4

(utan bilder)

እዚ ዛንታ ናይ ንገደ፡ እታ ቅርቅረን፡ ጊንጊለ ዝተብሃለ ስሱዕ መንእሰይን እዩ። ሓደ መዓልቲ ጊንጊለ ክሃድን ወፊሩ ከሎ ናይ ንገደ ፋጻ ሰምዐ። ጊንጊለ መዓር ተራእይዎ ኣፉ ማይ መልአ። ደው ኢሉ ተጠንቂቑ ኣዳሚጹ፡ ነታ ዑፍ ደልዩ ደልዩ ኣብቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረ ጨንፈር ናይ ገረብ ርኣያ። “ጬቕ-ጬቕ-ጬቕ፡” ኢላ እናፋጸየት እታ ንእሽቶ ዑፍ ካብ ገረብ ናብ ገረብ ነፈረት። ጊንጊለ ይስዕባ ከምዘሎ ንምርግጋጽ ነናሻዕ ደው እናበለት፡ “ጬቕ-ጬቕ-ጬቕ፡” ፋጸየት።

ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት፡ ኣብ ሓንቲ ዓባይ ናይ በረኻ ፊኪ ገረብ በጽሑ። ንገደ ኣብ መንጎ'ቲ ጨናፍር ከምዝዓበደ ተሰራሰረት። ብድሕሪኡ ኣብ ሓንቲ ጨንፈር መሪጻ ደው ብምባል፡ "ኣብዚ እነሃለ! ንዓ ሕጂ! እንታይ እዩ ዘደንጉየካ ዘሎ?" ብዝመስል ኣቃውማ ርእሳ ናብ ጊንጊለ ኣቕንን ኣበለት። ጊንጊለ ኣብ ትሕቲ'ታ ገረብ ኮይኑ ዋላሓደ ንህቢ ክርእይ ኣይከኣለን፡ እንተኾነ ግና ንንገደ ኣመና።

ስለዚ ጊንጊለ መህደኒት ኵናቱ ኣብ ትሕቲ ገረብ ኣቐሚጡ፡ ገለ ዝነቐጸ ቀጠንቲ ጨናፍር ኣራርዩ ንእሸቶ ሓዊ ኣናኸሰ። እቲ ሓዊ ጽቡቕ ጌሩ ክነድድ ምስጀመረ፡ ሓንቲ ድርኾቲ ነዋሕ በትሪ ኣብ ማእከሉ ገበረ። እዚ ዓይነት ዕንጨይቲ ክነድድ ከሎ ብዙሕ ትኪ ዝገብር ምኳኑ እዩ ዝፍለጥ። ነታ በትሪ በቲ ዝሑል ክፋላ በስናኑ ቀርቂሩ ናብታ ገረብ ክድይብ ጀመረ።

ስለዚ ድማ ደቂ ጊንጊለ ናይ ንገደ ዛንታ ክሰምዑ ከለዉ ነታ ንእሽቶ ዑፍ ኣኽብሮት ኣለዎም። መዓር ኣብ ዝበርበሩላ ግዜ እታ ዝዓበየት ሰፈ-ንህቢ ነታ ቅርቅረ ከምዝገደፉላ ከረጋግጹ ኣለዎም!



ሸዑ ነቲ ዓው ዝበለ ድምጺ ዚዝታ ናይቶም ኣብ ስራሕ ዝተጸምዱ ኣናህብ ክሰምዖ ከኣለ። ኣብ ጉንዱ ናይታ ገረብ ኣብ ዝነበረ ጓንጓ ይኣትዉን ይወጹን ነበሩ - ንሱ ቆፎኦም እዩ። ጊንጊለ ኣብቲ ቆፎ ምስበጽሐ ነቲ ዝነድድ ዝነበረ ጫፍ ናይታ በትሪ ናብቲ ጓንጓ ኣእተዎ። እቶም ኣናህብ ብሕርቃንን ብነድርን እናበረሩ ወጹ። ትኪ ስለዘይፈትዉ ነፊሮም ሃደሙ - ቅድሚ ምህዳሞም ግና ንጊንጊለ ንኽስክስ ኣበልዎ!

እቶም ኣናህብ ምስወጹ፡ ጊንጊለ ኢዱ ናብቲ ሰፈሮም ሰደደ። ኣዝዩ ብርኩትን ስቡሕን፡ መዓር ዘንጠብጥብ ጽዑቕ ሰፈ-ንህቢ፡ ጻዕዳ ጎጎ መዓር ኣውጸአ። ነቲ ሰፈ-ንህቢ ኣብታ ኣብ መንኩቡ ዝተሰከማ ሳንጣ ተጠንቂቑ ኣእተዎ፡ ካብታ ገረብ ድማ ክወርድ ጀመረ።



ነብሪ ብጽፍዒት ከየላደደቶ ከላ፡ ብቕልጡፍ ካብቲ ገረብ ወረደ። ክወርድ ክብል ሓንቲ ጨንፈር ሰሓተ፡ ናብ መሬት ዱብ ኢሉ ብምውዳቕ ዓንካር ዓንካሪቱ ተቘጽየ። ሰልፈፍ እናበለ ናይ ሓይለቦኡ ሃደመ። ጽቡቕ ዕድል ጌሩ፡ ነብሪ ተታኺሳ ስለዝነበረት ክትሕዞ ኣይተጓየየትን። ንገደ፡ እታ ቅርቅረ ሕኒኣ ፈደየት። ጊንጊለ ድማ መምሃሪ ኮኖ።

ጊንጊለ፡ ከምቲ ልሙድ ናይ ንህቢ ዚዝታ ብዘይምስምዑ እናተገረመ ደየበ። “ምናልባት እቲ ቆፎ ኣብ ውሽጢ’ዛ ገረብ ይህሉ ይኸውን።” ኢሉ ሓሰበ። ካብ ጨንፈር ናብ ጨንፈር ደየበ። ግና ኣክንዲ’ቲ ቆፎ ንህቢ፡ ገጽ ናይ ሓንቲ ነብሪ ረኣየ! ብድፍረት ካብ ድቃሳ ስለዘበራበራ ነብሪ ኣዝያ ሓረቐት። ዓይና ኣጨምጭም ኣቢላ ኣፋ ከፊታ እቶም ኣመና ዓበይትን ምሒር በላሕትን ኣስናና ኣርኣየቶ።



ንገደ ኵሉ ጊንጊለ ዝገብሮ ዝነበረ ብሃረርታ ተኻታተለቶ። ሓደ ረጕድ ቍራስ ሰፈ-ንህቢ ከም ናይ ምስጋና ህያብ ነታ ቅርቅረ ኢሉ ክገድፈላ ትጽበ ነበረት። ንገደ ካብ ጨንፈር ናብ ጨንፈር ፍር ፍር እናበለት፡ ናብ መሬት ገጻ ቀረበት። ኣብ መወዳእታ ጊንጊለ ኣብ ታሕቲ ናይታ ገረብ በጽሐ። ንገደ ኣብ ጥቓ እቲ ወዲ ኣብ ሓደ ከውሒ ዓሊባ ዓስባ ተጸበየት።

እንተኾነ ግና፡ ጊንጊለ ነቲ ሓዊ ኣጥፊኡ፡ ኲናቱ ኣልዒሉ፡ ነታ ዑፍ ሸለል ብምባል፡ ናብ ገዝኡ ክኸይድ ተበገሰ። ንገደ ብሕርቃን፡ “ዕውት! ዕውት!” ብምባል ጸውዓቶ። ጊንጊለ ደው ኢሉ፡ ናብታ ንእሽቶ ዑፍ ቀው ኢሉ ብምጥማት ዓው ኢሉ ሰሓቐ። “መዓር ደሊኺ ምሸ? ከምኡ ድዩ ዛ’ዓርከይ? ሃ! ግና ኣነ እኳ እየ እቲ ኲሉ ስራሕ ዝሰራሕክዎ፡ እቲ ኲሉ እውን ዝተነኸስክዎ። ስለምንታይ እየ ነዚ ምቁር መዓር ምሳኺ ዝተኻፈልክዎ?” ኢሉ ገዲፍዋ ከደ። ንገደ ተቔጥዐት! እዚ ኣይኰነን ኔሩ ኢዳ! ግና ሕኒኣ ኽትፈድይ እያ።



ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ገለ ሳምንታት፡ ጊንጊለ እንደገና መዓር ከምዘሎ ዝሕብር ጻውዒት ናይ ንገደ ሰምዐ። ነቲ ምቁር መዓር ዘከሮ፡ ብህርፋን ድማ እንደገና ነታ ዑፍ ተኸተላ። ንጊንጊለ በቲ ጫፍ ናይቲ ጫካ ድሕሪ ምምራሕ፡ ንገደ ኣብ ሓንቲ ዓባይ ጨዓ ከተዕርፍ ደው በለት። “ኣሃ” ኢሉ ጊንጊለ ሓሰበ፡ “እቲ ቆፎ ኣብዛ ገረብ ክህሉ ኣለዎ።” ብቕልጡፍ ቍሩብ ሓዊ ኣናኺሱ፡ ነታ እትተክኽ ጨንፈር ኣብ ኣፉ ቀርቂሩ ክድይብ ጀመረ። ንገደ ኮፍ ኢላ ተኸታተለት።